# ዝርዝር ቃላት

**ኣብኖርማል ሰልስ፡** ዘይንቡር ዋህዮ ሰል ነቲ ንቡር ሰዓል ሰዉነት ዘይመሳሰሉን ዘይንቀሳቀሱን

**ኣግረሲቭ ካንሰር ሰልስ፡** ቀልጢፎም ዝዓብዩን ዝባዝሑሉን ሰልስ ካብቲ ዝተበገሰሉ ቦታ ወጺኦም ዝዝርግሑ

**እንታይ ኤችኢኣር 2 ኣንቲቦዲ ተራ፧፡** ዘይንቡር ኣብኖርማል ኤችኢኣር 2 ፕሮቲን ናይ ጡብ ካንሰር ንምፍዋስ ዝጠቕም መድሓኒት።

**ኣሮማተስ ኢንሂቢቶር።** ናይ ኤስትሮጀን መጠን እብ ሰዉነት ዘትሕት መድሃኒት(ድሕሪ መኖፖስ)።

**ኣክሲላሪ ሊምፕ ኖድስ፡** ኣብትሕቲ ኢድ ትሽትሽ ዝርከቡ ጽቅታት ሊምፕ ኖድ ካብ ናይ ጡብ ቲሹ ዘጽርዩ

**ባዮፕሲ፡** ካንሰር ንምርግጋጽ ቲሹ ንምውሳድ ዝግበር መጥባሕቲ

**ሲ ኤርብ 2 ፡** ካልእ ሽም ናይ ኤች ኢኣር 2 ጂን ውይ ፕሮቲን

**ክሊን ማርጂን፡** ካንሰር ሰልስ ኣብ ኣከባቢ ጫፍ ናይ ቲሹ ከባቢ ካንሰር ዝርከቡ ማለት እዩ።

**ክሎስ ማርጂንስ፡** ካንሰር ሰልስ ኣብ ከባቢ ግዳማዊ ጫፍ ናይ ቲሹ ከባቢ ሕበጥ ቱመር ዝርከብ ማለት እዩ።

ካሎይድ፡ ዓይነት ካንሰር ኣኣብ ንቡር ኖርማር ቲሹ ከባቢኡ ዝዓቢ መብዛሕትኡ ግዜ ቀስ ኢሉ ኣዩ ዝዓቢ

ኮመዶ፡ ዘይስፋሕፍህ ዓይነት ካንሰር ቕልጢፉ ዝዓቢ

ክሪቢፎርም፡ ዘየስፋሕፍሕ ዓይነት ካንሰር ቀስ ኢሉ ዝዓቢ

ዳክታል ካርሲኖማ ኢን ሲቱ(ዲሲኣይኤስ) ኣብቲ ውሽጢ ጡብ ዝርከቡ ናይ ጸባ ዋህዮታት መትንታት ሻምብቖታት ዝርከብ ምብዛሕትኡ ግዜ ኣየስፋሕፍሕን እዩ

ኤርብ-2 ፡ ካልእ ስም ናይ ኤችኢኣር-2ጂን

ኢኣር ነጋቲቭ። ዓይነት ቱሞር ሕበጥ ኤስትሮጀን ረሰፕቶርስ ዘይብሉ

ኢኣር ፖሲቲቭ፡ ኤስትሮጀን ረሰፕቶርስ ተቐበልቲ ዘለዎ ዓይነት ቱሞር ሕበጥ

ፊሽ(ፍሎረሰንስ ኢንስቱ ሃይብሪዚታሽን) ተስት መርመራ፡ ሓደ ዓይነት መርመራ ናይ ኤችኢኣር-2 ጂን

ጂን፡ ናይ ሰውነት ኮድ ምስጢር ሓዲስ ሰል ኣብ ምዕባይን ምዕራይን ምቁጽጻርን ሰልስ ዝጠቕም።

ግላንድስ፡ ኣዚ ቓል ኣዚ ቁሩብ ዝተፈላለዩ ትርጉም ኣለዎ ኣሃዱታት ናይ ሰልስ ወይድማ ኣካል ሰዉነት ንሰዉነት ዝጥቀመሉ ነገር ዘዳልዉ እዮም ከም ርሃጽ, ጸባ, ምራቕ ሆርሞን, ናይ ምዕባይ ኩነትን,ካልኦት ግላንድስ ካብ ደምን ሊምፕ ኖድስን ነገራት ብምጽራይ ይሕግዙ፡ ሓድ ሓደ ሰባት ግላንድ ዝብል ቃል ሊምፕ ኖድ ንምግላጽን ንምስያምን ይጥቀምሉ።

ግረይድ፡ እቶም ንቡር ቅርጺ ዘለዎም ቱሞር ሰልስ ካብቶም ዘይንቡር ቅርጺ ዘለዎም ፈልዩ ዝሕብር ኣዩ።

ኤችኢአር-2 ፡ዓይነት ጂንስ ዕብየት ናይ ሰልስ ብምቁጽጻር ምሕዳስን ይሕግዝ

ሆርሞን ረሰፕቶርስ። ናኣሽቱ ኣካላት ክምኣእዛን ኣብ ሰልስ ናይ ሆርሞን መልእኽቲ ምልክታት ብምስማዕ ዝምልሱን ኣዮም

ኣይኤችሲ(ኢሙኖሂስቶከሚስትሪ) ተስት፡ መርመራ ናይ ፕሮቲን መርመራ ክምኢአርን ኤኢአር 2

ኢንሲቱ፡ ዓይነት ካንሰር ኣኣብቲ ኣካል ናይ ጡብ ዝጀመረሉ እየስፋሕፍሕን እዩ ድሕሪ ግዜ ግን ኢንሲቱ እብ ኢንቨሲቭ ካንሰር ክምዕብል ይኽእል ኣዩ

ኢንቨሲቭ፡ ካብቲ ካንሰር ዝጀመርሉ ቦታ ሰጊሩ ዘስፋሕፍሕ ዓይነት ካንሰር እዩ

ኢንቨሲቭ ዱክታል ካርሲኖማ(ኣይዲሲ) ዓይነት ካንሰር ኣብቲ ሚልክ ዳክት(ዋህዮ ናይ ጸባ ዝስርሓሉ) ግላንድ ኣካል ናይ ጡብ ዝጅምር ኣኣብ ከባቢ ኖርማል ናይ ጡብ ቲሹ ኸባቢ ዝዓቢ ኣዩ

ኢንቨሲቭ ላቡላር ካርሲኖማ(ኤልሲኣይኤስ) ኣብቲ ጸባ ዘዳሉ ግላንድ ዝጅምር ኮይኑ ኣኣብ ኖርማል ንቡር ናይ ጡብ ቲሱ ከባቢ ይዓቢ።

ኢረጉላር ሰልስ፡ ዘይንቡር ሰልስ ነቶም ጥዑያት ሰልስ ናይ ሰዉነት ዘይመስሉ

ኪኣይ-67 ፡ ቕልጣፌን ናህሪ ዕቤትን ካንሰር ዘርኢ ዓይነት መርመራ

ላቡላር ካርሲኖማ ኢ.ንሲቱ(ኤልሲኣይኤስ) ንቡር ኖርማል ዘይኮኑ ኣብ ውሽጢ ጡብ ጸባ ዘዳሉ ቦታ ዝርከቡ

ሊምፓቲክ ኢ.ንቨዥን፡ ካንሰር ሰልስ ኣብ ወሽጢ ሻምብቆ መተሓላለፊ ሊምፕ ዝርከቡ

ሊምፕ ኖድስ ፡ መጻረዪ ኣብ ናይ ሊምፕ ፈሳሲ መተሓላለፊ ካናለታት ዝርከቡ፡ካንሰር ሰልስ ቅድሚ ካልኣ ክፋል ሰውነት ምብጻሖም ሒዞም ዘትርፉ ኣዮም

ማርጂንስ፡ ኖርማል ጥዑይ ጢሱ ኣብ ከባቢ ቱሞር ተቆሪጹ ኣተወስደ።

መዱላሪ፡ ዓይነት ኢ.ንቨሲቭ ካንሰር ኣብ ጥዑይ ኖርማል ቲሹ ዉሽጥን ከባብን ዝዓቢ እዩ።

ሚልክ ዳክት፡ ናይ ጸባ ዋህዮ ናእሽቱ መትንታት

ኣብ ውሽጢ ጡብ ጸባ ኣብ ጫፍ ጡብ መጥበዊ ዘመሓላልፉ እዮም።

ሚልክ ሎቡለስ፡ ጸባ ዘዳልዉ ግላንድስ ኣብ ውሽጢ ጡብ

ሙኪኖውስ፡ ዓይነት ኢ.ንቨሲቭ ካንሰር ኣብ ጥዑይ ኖርማል ቲሹን ከባቢኡ ዘስፋሕፍሑ ኣዮም።

ነጋቲቭ ማርጂንስ፡ ማለት ኣብ ከባቢ ቱሞር ንጻ ካብ ካንሰር ሰልስ ክኸውን እንክሎ እዩ

ኖን ኢ.ንቨሲቭ ፡ኣብ ውሽጢ ጡብ ኣኣብቲ ዝጀመርሉ ቦታ ጥራይ ተደሪቱ ዝተርፍ ማለት እዩ

ፓፒላርይ፡ ኢ.ንቨሲቭ ዓይነት ዘይኮነ ዘይስፋሕፍሕ ቀስ ኢሉ ዝዓቢ ማለት ኣዩ።

ፓቶሎጂስት፣ እቲ ሓኪም ማይክሮስኮፕ ብምጥቃም ነቲ ቲሹ ዝምርምር ካንሰር ከምዘሎን ከምዘየሎን ሓኪም እዩ።

ፖሲቲቭ ማርጂንስ፡ ካንሰር ሰልስ ኣብቲ ጥዑይ ካንሰር ሰልስ ጫፍ ዝመጹ እዮም።

ፕረካንሰሮኡስ፡ ካንሰር ዘይብሉ ቱሞር ዝቁጸር እዩ ናይ መጠንቀቕታ ምልክት እዩ ምናልባት ኣኣብ መጻኢ ካንሰር ክመጸኪ ይኽእል ይኸውን

ፒኣር ነጋቲቭ፣ ፕሮጀስትሮን ረሰፕቶርስ ዘይብሉ ዘይብሉ ቱሞር እዩ

ፒኣር ፖሲቲቭ፣ ፕሮጀስትሮን ረሰፕቶርስ ዘለዎ ቱሞር

ረኩራንስ፡ ካንሰር ተመሊሱ ክመጽእ እንክሎ

ሶሊድ፡ ኢንቨሲቭ ዘይኮነ ዓይነት ካንሰር ዘየስፋሕፍሕ ቐስ ኢሉ ዝዓቢ

ኤስ ፌስ ፍራክሽን ተስት፣ ዓይነት መርመራ ካንሰር ከመይ ብናህሪ ይዓቢ ክምዘሎ ዘርኢ ዓይነት መርመራ እዩ።

ስተጅ፣ ደረጃ ብርታዔን ምዕባለን ናቲ ናይ ጡብ ካንሰር ደረጃ መዓቀኒ ኣዩ ብመሰረት ግዝፊ ኣቲ ቱሞር ምስቲ ከባቢኣኡ ዝርከብ ቐርበት ጭዋዳታት ቲሹን ተዘርጊሑ ክምዘሎ ይመዝን ክምኡውን ናይ ሊምፕ ኖድስ ንጠፈታትን ኩነትን ይመዝን።

ታሞክሲን፣ ኤስትሮጀን ዝከላኸል መድሃኒት ኮይኑ ሆርሞን ረሰፕቶርስ ኣብቲ ቱሞር ከይከዱ ይዓግት።

**ቱቡላር**፥ ዓይነት ኢንቨሲቭ ካንሰር ኣብ ጥዑይ ቲሹን ከባቢኡን ይዓቢ ቀስ ኢሉ ድማ ይዓቢ

**ቫስኩላር ኢንቨዝን**፥ ኣቲ ካንሰር ሰልስ ኣብ ውሽጢ ደም ክርከብ ኣንከሎ ማለት እዩ።